
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.206 | ረቡዕ 29 ሚያዝያ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 4
ኣገዳስነትን ጥቕሚን ጸሃያይ ባሕሪ


ገጽ 6
ምልክታ

ገጽ 9
ጽልዋ ግሎባውነትን...



ገጽ 11
ደባርዋ - ቀደም ብሽክለታ ቀጺሉ


## ጋሽ-ባርካ፡ ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት ተኸቢሩ

ባሕቲ ግንቦት - ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ ብደረጃ ዞባ ጋሽ-ባርካ ብ26 ሚያዝያ ኣብ ኣቑርደት ተኸቢሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ሃብቲ ሰብ ኣብ'ቲ ዞባ ኣቶ ዓብዱ ሳልሕ፡ ኣብ ሃገርና ተራን ኣበርክቶን ሰራሕተኛታት ኣብ ኩሉ ዓውድታት ጉሉሕ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ባሕቲ ግንቦት ክንዮ ዝኽሪ ኩሉም ሰራሕተኛታት ንዘለዎ ኣፍራይነትን ኣበርክቶን ሓላፍነት ዝሰከሙላን ንዓቕሙ ዕዮ መብጽዓኦም ዘሐድስላን ከምዝኾነት ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ጨንፈር ሓላፊ ምክትታል ፕሮጀክትታት ኣቶ ቅዱስ ምስጉን ብወገኑ፡ ብቑዓት ሰራሕተኛታት ክብ ንምባል፡ ብደረጃ ዞባ ኣብ ማሰልጠኒ ማእከላት ተኾምብየን ባርንቱን ሞያዊ ስልጠናታት ከምዝወሃብ ብምጥቃስ፡ ባሕቲ ግንቦት - ክብርታት ሰራሕ ብዮዝበራዊ ዕዮ ንምርግጋጽ ቃል ዝአተውላ ዕለት ከምዝኾነት ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ኣቶ ኢሳቕ ጥዑም፡ ሰራሕተኛታት ሃገራዊ ረቡሓን ብልጽግናን ኣቐዲሞም፡ ንኹሎም መሰናኽላትን መድረኻዊ ብድሆታትን ብንቕሓት ማኪዮም፡ ንመደባት ልምዓት ድርኺት ኣብ ምፍጣር ንዘዘውርዎ ዘለዉ ኣበርክቶ መጉሲ።

እቲ ኣጋጣሚ፡ ብዝተፈላለየ መሰናድኣታት ደሚቑ ነይሩ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ብምኽንያት 1 ግንቦት - ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ወፈራታት ልምዓት



ኣካዪዶም።

ሓላፊ ጨንፈር ሃብቲ ሰብ ኣቶ ኣቶብርሃን ጉብራት ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓብሬታ፡ ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት ንሰለ ዝኽሪ ጥራይ እትኽበር ዘይኮነት፡ ግቡኣትን መሰላትን ሰራሕተኛታት ኣብ ቦታ ሰራሕ ንምርግጋጽ፡ ኣብ መንጎ ኣሰራሕትን ሰራሕተኛታትን ጥዑይ ዝምድናታት ንምፍጣር ዝተሰላሰለ ዕማም ዝዮምገመሉን ንዝበለጸ ወጽኢት ብሓድሽ መንፈስ እትብገሰሉን ዕለት ከምዝኾነት ገሊጹ።

## ዓንሰባ - ናብ ታሪኻዊ ቦታ ዝግበር ምብጻሕ፡ ክድፋኣሉ መዘኻኸሪ ቀሪቡ

ናብ ታሪኻዊ ቦታታት ጽንዓትን መኸተን ዝግበር ምብጻሕ፡ ኣብ ምውርራስ ታሪኽ ሓርነታዊ ቃልሰና ዓቢ ተራ ስለዘለዎ ብደረጃ ሃገር ክድፋኣሉ፡ ካብ 24 ክሳብ 27 ሚያዝያ ናብ 'ግንባር ሓልሓል' ዑደት ዝፈጸሙ ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ክፍለ ሰራዊት 96 ነበር ጸዊዖም።



"ግንባር ሓልሓል፡ ብዘሐ. ሱብን ዘመናዊ ኣጽዋርን፡ ንብዓል መትከል ኩቶ ክሰዕር ከም ዘይክእል ዝመስከረ'ዩ" ዝበሉ ወሃብቲ ርእይቶ፡ ከም ኣብ ኩሉ ግንባራት፡ ኣብ ግንባር ሓልሓል ንዘተፈጸመ ቅያታት ብምጥቃስ፡ ታሪኽ ናብ ተካእቲ ወለዶታት ብግቡእ ንኽሰጋገር፡ ተመሳሳሊ ምብጻሕ ቀጻልነት ብዘለዎ ኣገባብ ክትግበር ተላብዮም።

ናይ ክብሪ ኣቦ-መንበር ማሕበር - ብርጋዴር ጀነራል ጸሃየ ካሕሳይ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብውሱን ዓቕሙ ኮይኑ ገዚፍ ሱብን ኣጽዋርን ዘውንን ዝነበረ ሰራዊት መግዛእታዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ኣላሽ ኣቢሉ ናጽነቱ ዝጨበጠ፡ ሳላ ኣብ ንቕሓት ዝምርኩስ ጽንዓትን ተወፋይነትን ተጋዳላይን ህዝብን ከምዝኾነ ብምሕባር፡ እቲ ዑደት ንዝሓለፈ ታሪኽ ንምፍላጥን ንምስናድን ኣገዳሲ ምዃኑ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ንጅግንነትን መኸተን ተጋዳላይን ኣበርክቶ ህዝቢን፡ ኣብ 1984 ዝነበረ ኩነታት ደርግን ተጋዳላይ ካብ መቐሎ እናመቐለ ህዝቡ ንምድሓን ንዝገበሮ ኣበርክቶን፡ ከምኡ'ውን ብ16 ጥቅምቲ 1986 ዝተፈጸመ ስርሒት ኮማንዶ ኣብ መለብሶን ካልእን ዝገልጽ ትረኻ፡ ብሰብ ውዕሎ ተኻዩዱ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ማሕበር ብኣስታት 200 ሽሕ ናቕፋ ኣብ ኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ ኣስማጥ ዝሰረሖ ሜዳ ኩዕሶ መርበብን ስኪዕትን ተመሪቑ።

ኣብ 1983 ብ'መንጥር እዝ' ዝፍለጥ ልዕሊ 23 ሽሕ ዓቕሚ-ሱብን ዘመናዊ ኣጽዋርን ዝዓጠቐ ሰራዊት መግዛእታዊ ስርዓት ደርግ፡ ንሓልሓል መበገሲ ገይሩ ብሰላሕታ ንናቕፋ ብድሕሪት ንምጥቃዕ ብዝገበሮ ፈተነ ዝተመስረተ ግንባር ሓልሓል፡ ኣብ 1985 ወፍሪ ባሕሪ ነጋሽን ኣብ 1986 ስርሒት ኮማንዶ ኣብ መለብሶን ዝጠቓልል ክበድቲ ምርብራባት ዝተኻየደሉ ታሪኻዊ ግንባር'ዩ።



## ባጽዕ - መደባት 'ትምህርቲ ንዓበይቲ' ንምሕያል ተዘትዩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ባጽዕ ኣብ ዝሓለፈ 10 ዓመታት ንዝተተግበረ መደባት ትምህርቲ ንዓበይቲ - ምስናይ ብልጫታቱን ብድሆታቱን ዝገምገመ ኣኼባ ብ24 ሚያዝያ ተኻዩዱ።

ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር እስማዒል ሳልሕ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ መደብ ትምህርቲ ንዓበይቲ ንምሕያል ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ዕቱብ ጻህያ ከምዝተኻየደ ብምግላጽ፡ ኣብ ገለ ምምሕዳራት ከባቢ ብፍላይ ድማ ምሕደግ ኣብ ዝበላ ዓድታት ሓያል ስራሕ ስለዘድለ፡ ተራ ኣመሓደርቲ ከባቢ ክብርኽ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ - ሓላፊ ኣሃዱ ምክትታል ትምህርቲ ንዓበይቲ መምህር መሓመድ ዑስማን ብወገኑ፡ መደብ ትምህርቲ ንዓበይቲ በጺሖዎ ዘሎ ደረጃ፡ ተቐሲሙ ዘሎ ተመኩሮታት፡ ከምኡ'ውን ኪጋጥሙ ዝጸንሑ ብድሆታት ብዝርዝር ድሕሪ ምብራሁ፡ ብደረጃ ዞባ ኣብ 2008 መጠን ምጥፋእ መሃይምነት 59 ሚእታዊት ዝነበረ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ 70 ሚእታዊት በጺሑ ከምዘሎ ገሊጹ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝቐረበ መዘዩ ነጥብታት ድሕሪ ምምይያጥ፡ መደባት ትምህርቲ ንዓበይቲ ንምሕያል ኣብ ዝግበር ዕማም ተራኦም ከምዝዕዘዙ ኣረጋጊጾም።

ኣመሓዳሪ ከተማ ባጽዕ ኣቶ ሃይለ ኣስፍሃ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ዝቐረበ ሓሳባትን ርእይቶታትን ኣብ ዝቕጽል ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ውጥን ሓጋዚ ከምዝኸውን ብምግላጽ፡ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ምስ ኣመሓደርቲ ከባቢ ቀጻሊ ርክባት ብምክያድ፡ ኣብ ምዕዋት ሸቶ መደብ ትምህርቲ ንዓበይቲ ኣበርቲዑ ከምዝሰርሕ ሓቢሩ።

# ዓንሰባ - ቅነ መጽሓፍትን ምህዞን ሰንዓን ንምክያድ ምድላዋት ተጻፊፉ

ሃማመተኤ ጨንፈር ዞባ ዓንሰባ፡ ካብ 30 ሚያዝያ ክሳብ 10 ግንቦት ንዝካየድ ጥሙር መደባት ቅነ ምርኢትን መሸጣን መጽሓፍቲ ከምኡ'ውን ውድድር ምህዞን ሰንዓን ዝግበር ምድላዋት ከምእተጻፈፈ ሓቢሩ።

ሓላፊት ክፍሊ ፕሮጀክት ወ/ሮ ሻምላ ጉብረኪዳን ኣብ ዝሃቡቶ መብርሂ፡ እዚ መደብ'ዚ ኣብ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ኣብ ተመሃሮን መንእሰያትን ድማ ብፍላይ ዘሎ ናይ ንባብን መሃዘኦትን ዓቕምን ፍልጠትን ንምዕባይን ዝምባለኦምን ክእለቶምን ንምልላይን ምቹእ ባይታ ዝፈጥር ምዃኑ ኣብሪሃ።

ኑቲ መደብ ብኹሉ መዳዩ ንምስፍሑን ንምሕያሉን ምስ መሻርኽቲ ብምውህሃድ ካብ ዝካየድ ሓያል ጻዕሪ ልዑል ተመክሮ ከምእተቐስመ ዝጠቐሰት ወ/ሮ ሻምላ፡ ኣብ ከተማ ከረን ጥራይ ተሓጺሩ ዝነበረ ቕነ ምርኢትን መሸጣን መጽሓፍቲ፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ንኡስ ዞባታት ዓዲተከሌዛን፡ ዲላበርዕድ፡ ሓጋዝን



ከረንን ከምእተኻየደ ብምግላጽ፡ ሎሚ ዓመት ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ ተወሲኺ ብምህላዋ ኣብ ሓሙሽተ ንኡሳን ዞባታት ክእንገድ ምዃኑ ኣፍሊጣ።

ንምርኢትን መሸጣን ዝቐርብ መጽሓፍቲ፡ ብጸሓፍትን ኣብያተ-መሸጣ መጽሓፍትን ክኸውን ከሎ፣ ንምህዞን ሰንዓን ዝቐርብ ትሕዝቶታት ድማ፡ ቴክኖሎጂ ኮምፕዩተር፡ መካኒካዊ ስርሓት፡ ኤለትሮኒክስን ሕርሻዊ ምህዞታትን ከምዝጠቓልል ኣነጺራ።

ኣብ ርእሲ ምርኢትን መሸጣን መጽሓፍትን ስራሓት ምህዞን ሰንዓን፡ ውድድራት ሓፈሻዊ ፍልጠት፣ ኣብ ንባብ ዘተኩረ ኣስተምህሮታት፣ ከምኡ'ውን ኀስንሳትን ሓባራዊ ዘተን እውን ተዳልዩ ከምዘሎ ሓቢራ።

"ፍልጠት፡ መሰረት መሃዘኦትን ምዕባለን" ብዝብል ቴማ ኣብ ዝካየድ ቅነ፡ ምርኢትን መሸጣን መጽሓፍቲ ንሻድሻይ ግዜኡ፣ ምርኢትን ውድድርን ምህዞን ሰንዓን ከኣ ንሳልሳይ ግዜኡ ክካየድ'ዩ።

# ዲጋ ከርከበት፡ ንልምዓት ጀራዲን ዓቢ ድርኺት ከምዝፈጠረት ተሓቢሩ

ዲጋ ከርከበት፡ ጸፍሓውን ትሕተ-ባይታውን ትሕዝቶ ማይ ናይ'ቲ ከባቢ ብምህብታም፡ ንዝካየድ ልምዓት ጀራዲን ዓቢ ድርኺት ከምዝፈጠረት፡ ሓረስቶትን ሰብሞያ ሕርሻን ሓቢሮም።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣብ ንኡስ ዞባ ከርከበት ኣቶ ነጋደ ጉብረኣብ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣቐዲሙ ኣብ ገማግም ሩባታት ከርከበትን ሳዋን ብውሱን ደረጃ ልምዓት ጀራዲን ይካየድ'ኳ እንተነበረ፡ ብሰንኪ ዋሕዲ ትሕተ-ባይታዊ ማይ ዘጋጥሞም ዝነበረ ሓረስቶት ከምዝነበሩ ብምዝካር፡ ምስ ምህናጽ ዲጋ ከርከበት ግን፡ በኹሉ ዝጸንሐ ጀራዲን ክለምዕን ብርኩት ምህርቲ ክሕፈሶን ከምዝጀመረ ኣረዲኡ።

ካብ 650 ሄክታር ንማሳኖኣዊ ሕርሻ ዝለምዕ ከባቢታት ከምዘሎ ዝጠቐሰ ኣቶ ነጋደ፡ ዲጋ ከርከበት ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ'ቲ ፕሮጀክት ፈጠራቶ ዘላ ለውጢ፡ ልምዓት ጀራዲን ንኽሰፍሕ ከምኡ'ውን ምህርቲ ብዓይነትን መጠንን ክብ ንኽብል ዕድላት ከምዝኸፈተት ገሊጹ።

ኣልማዕቲ ጀራዲን ብወገኖም፡ ቅድሚ ዲጋ ከርከበት ምህናጻ ንልምዓት ዝኸውን ማይ ንምርካብ ኣዝዩ ዓሚቝ ዒላታት ክኹዕቱን ከቢድ ወጻኢታት ክዝብሩን ይግደዱ ምንባሮም፣ ብሰንኪ ዋሕዲ ማይ ከኣ ተሰሪዑ ቁሩጽ ካብ ልምዓት ዝተሰናኸሉ ከምዝነበሩ ብምዝካር፡ ዲጋ ከርከበት ተሃኒጻ እኹል ትሕዝቶ ምስ ኣዋህለለት ግን፡ ማይ ብቐረባ ክረኽቡ ብምብቃዖም ምህርቶም ብዙሕ ዓጸፋ ዝዓበዩሉ ባይታ ረኺቦም ከምዝለዉ ሓቢሮም።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፉኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጸ. 1284

# ዓዲቐይሕ - ልዕሊ 660 ከረጺት ደም ተለጊሱ

ኣብ ዓዲቐይሕ፡ ትሕዝቶ ሃገራዊ ባንኪ ደም ብምስሳን ህይወት ውጹዓት ወገናት ንምድሓን ካብ 22 ክሳብ 25 ሚያዝያ ብዝተኻየደ ወፍሪ፡ ልዕሊ 660 ከረጺት ደም ተለጊሱ።

በዚ መሰረት፡ ካብ ኮለጅ ትምህርትን ስነ-ቋንቋን ዓዲቐይሕ 386፣ ካብ 2ይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዓዲቐይሕን ሰራሕተኛታትን ድማ 280 ከረጺት ደም ከምእተለገሰ፡ ኣብ ሃገራዊ ባንክ ደም ሓላፊ ኣገልግሎት ልግሲ ደም ኣቶ መሓሪ ኣብርሃም ሓቢሩ።

ኣብ ልግሲ ደም ዘሎ ኣፍልጦን ንቕሓትን ንምብራኽ፡ ኣቐዲሙ ኣብ ተመሃሮን ሰራሕተኛታትን ኀስንስ ከምእተኻየደ ብምጥቃስ፡ ውጽኢቱ ዝምስገን ከምዝነበረ ገሊጹ።

ኣብ ሃገራዊ ባንኪ ደም ሓላፊ ኀስንስ መንእሰይ ብርሃነ ኣኽሊሉ ብወገኑ፡ ተመሃሮን መንእሰያትን ዝወሰድዎ ተበግሶ መርኣያ ሰረጹ ዘሎ ንቕሓት ከምዝነበረ ብምጥቃስ፡ ካልኦት ኣካላት'ውን ክስዕብዎ ተላብዩ።



# ማእከል - "ሕሳብ ብተግባር" ብዝብል ቴማ መዓልቲ ቁጽሪ ተዘኪሩ

ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒ፡ "ሕሳብ ብተግባር" ብዝብል ቴማ፡ መዓልቲ ቁጽሪ ብ25 ሚያዝያ ኣብ ዓዲ-ጓዕዳድ ተዘኪሩ።

ሓላፊ ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ዳኒኤል ሰለሙን፡ ዓውደ-ትምህርቲ ሕሳብ ናይ ኩሉ ብድሆታት መፍትሕን ነፍሰ-ምትእምማን ክተዕቢ ዝሕግዝን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣብ ዓይነት ትምህርቲ ሕሳብ ዝጸንሐ ግጉይ ኣጠማምታ ክእረም ከምዝግባእ ኣገንዚቡ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ኣብ ዝሓለፈ 3 ዓመታት ኣብ ክሉብ ዓውደ-ትምህርቲ ሕሳብ ኣተኩሩ ዝተኻየደ ንጥፈታት፡ ዝተራእየ ብልጫታትን ዝነበረ ድኻማትን ዝምልከት መብርሂ ቀሪቡ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል መምህር በላይ ሃብተጋብር ብወገኑ፡ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒ ከካይዶ ዝጸንሐ ጻዕሪ ኣተባባዒ ውጽኢት የመዝግብ ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ቀዳማይ ሰሚስተር 2025/2026 ኣብ ዓውደ-ትምህርቲ ሕሳብ ሚእቲ ካብ ሚእቲ ዘምጽኡ ተመሃሮ መባእታ፡ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ፣ ከምኡ'ውን ንኣበርክታውያን መምህራን ሽልማት ተዓዲሉ።



ስእሊ-ዮውሃንስ መብራህቱ

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ዘመናዊ ኣገባብ ምክልኻል ፍርያት ጣንጡ ይምዕብል

ብዘይካ ኣብቲ ጣንጡ ከፋሪ ዘይክእል ኣዝዩ ቁራር ክሊማ ዘለዎ ከም ኣይስላንድን ዋልታታት ዓለምን ዳርጋ ኣብ ዝበዝሕ ክፋል ዓለምና ንሓያሎ ዘበናት ንማሕበረሰባት ከሳቕን ከጽንትን ዝጸንሐ ዓሶ ኣብዚ እዋን ብዘበናዊ ኣገባብ ሕክምና ካብ ዓለም ንምጥፋእ ይጽዓረሉ ኣሎ። ዛጊት ኣስታት 45 ሃገራት ዓሶ ካብ ሃገር ከምዝጠፈአ ዘረጋግጽ ምስክር ወረቐት ከም እተቐበላ ዝፍለጥ እኳ እንተኾነ ኣብ ሓያሎ ሃገራት ደቡባዊ ሜዲተራንያንን ኣብ ኣመሪካታትን ተርእዮ ናይቲ ሕማም ኣዝዩ ተዳኺሙ ከም ዘሎ ይፍለጥ። ኣብ ውሽጢ ሃገር ብተኸታታሊ ንሰለስተ ዓመት ቡቲ ሕማም ዝተታሕዘ ሰብ ምስ ዘይርከብ ሓንቲ ሃገር ዓሶ ከም ዝጠፈኣት ዘረጋግጽ መለክዒ እዩ።


ክሳብ ካልኣይ ኩናት ዓለም ብተርእዮ ዓሶ ዝሳቐያ ዝነበራ ሓያሎ ካብ ሃገራት ምዕራብ ኣብ ሰብዓታት ብዘወሰደኦ ጽዕጹዕ ጣንጡ ናይ ምጥፋእ ወፈራታት ካብቲ ሕማም ናጻ ክወጻ ከምዝኸኣላ ጸብጻባት የረድኡ። ጣንጡ ከፋሪ ዝኽእል ክሊማን ጅቕጅቕን ካብ ዘለዎ ሰፍራ ጣንጡ ፈጺመን ክጠፍኣ ስለ ዘይክእላ ናይቲ ሕማም 'ጀርም' ኣብ ደሙ ዝተሸከመ ሰብ ኣሰጋጋሪ ናይቲ ሕማም ኪይከውን ካልእ ዝወሰድ ከቢድ ጥንቃቐ እዩ። ኣብተን ሕማም ዓሶ ከም ዝጠፈአ ክንገረለን ዝጸንሓ ሃገራት፣ ካብ መገሻ ዝምለስ ብሕማም ዓሶ ዝተታሕዘ ሰብ ብጣንጡ ከይተነኽሰ ከሎ እቲ ሕማም ካብ ደሙ ብሕክምና ይጸርየሉ።

ኣብ ቀረባ ግዜ ዓሶ ካብ ሃገር ከም ዝጥፈአ ካብ ዝተመዝገባ ሃገራት ግብጺ፣ ኣዘርባይጃን ታጂክስታንን ጂዮርጂያን ይርከባ። መብዛሕትኡ ካብ ህዝባ ኣብቲ ብዋግሒ ለስ ኒል ብማሕረስ መስኖ ዝናበር ግብጺ ንዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ተርእዮ ናይቲ ሕማም ከተጥፍእ ዝተጠቕመትሉ ሜላ እንታይ ኩን ይኸውን? ጣንጡ ካብ ዓለም ጠፊኣ እንድሕር ተወርዩ ኣብ ጅቕጅቕ መስኖ ኒል ክትሰኣን እያ ኢልካ ምግማት ዘጸግም እዩ።

ኣመሪካ ኣብ ሰብዓታት ዝተጠቕመትሉ ሜላ ኩሉ ግዜ ኣብ ምክልኻል ዓሶ ኣብ ዝተኩረ ዜናታት ዝዘከር እዩ። ኣብ ገምገም ሩባታትን ዳህሪ ዝበዝሖ ከባቢታትን ብጽዕጹዕ ዘመናዊ ኣገባብ ሓርጭ ዲዲቲ ብምንስናስ ንመፍረ ጣንጡ ኣዚያ ኣዳኺማቶ። ሓያል ክፋል ናይታ ሃገር ከኣ ካብ ስክፍታ ጣንጡ ናጻ ምስ ወጸ ኣብ ተሸካሚ ሰብ እቲ ጀርም ከይርከብን ናብ ጣንጡ ከይሰግርን ድማ ከቢድ ሕክምናዊ ክትትል ተኻይዱ። ኣብዚ እዋን ብጀካ ሳሕቲ ኣብ ደቡባዊ ግዝኣት ናይታ ሃገር ዘሎ ቆላታት ክኸሰት ይኽእል ተባሂሉ ዝፍራሕ ስክፍታ እታ ሃገር ካብ ዓሶ ናጻ ከም ዝኾነት እዩ ጸብጻባት ዝሕብር። ኣብዚ እዋን ዲዲቲ ጎድናዊ ሳዕቤን ከም ዘኸትል ስለ እተፈልጠ ኣብ ጠቕሚ ክውዕል ዝተፈቕደ የለን። ኣብ ኣፍሪቃ ዝጸደድ ዘሎ ጸረ ዓሶ ጻዕርታት ብሓፈሻ ኣብ ክልተ ዕላማታት ዝተኩረ እዩ ክበሃል ይከኣል። መንከሲቲ ጣንጡ ኣብ ምክልኻልን ብሰንኪ ዓሶ ንዝወርድ መጠን ሞት ኣብ ምንካይን። እዚ ካብቲ ምዕራባውያን ሕማም ዓሶ ንምጥፋእ ዝተጠቕሙሉ ሜላ ኣዝዩ ዝተፈልየ እዩ።

ኣብዚ እዋን ማእከላይ እዮት ኣብ ዘለወን ብተርእዮ ሕማም ዓሶ ዝሳቐያ ሃገራት ምስ ምዕባለ ስነ ፍልጠት ዝተተሓሓዘ ሓድሽቲ ኣገባብ ምክልኻል የተኣታትዋ ኣለዋ። ከባብያዊ ብከላ ዘፈጥር ጸረ ባልዕ ኣብ ክንዲ ምንስናስ፣ ኣብ ውልቂ ጣንጡ ዘተኩረ ሳይንሳዊ መጥቃዕቲ ብምክያድ ኑቲ ሕማም ክቈጻጸሩ ኣብ ምፍታን ይርከቡ። ጣንጡ፡ ዓሶ ጥራይ ዘይኮነስ ረሰኒ ደንጊ፣ ዚካ፣ ቺኩንጉንያ ዝኣመሰሉ ተመሳሳሊ ምልክታት ዘለዎም ሕማማት ስለ እተመሓላልፍ፣ በዚ ሕማማት ኣብ ዝተሸገራ ሃገራት ዘመናዊ ናይ ምክልኻል ስነ ፍልጠት ይምዕብል ኣሎ። ኣብ ቤተ ምርምር፡ 'ዎልባኪያ' ዝተባህለ ጀርም ይፋረ እሞ ኣብ ጣንጡ ኣትዩ ሕማም ከም ዘፈጥር ይግበር። ኑቲ ጣንጡ ዝተሸከሞ ተባዕትዮ ጣንጡ ካብቲ ቤተ ምርምር ምስ ተፈነዉ ኣብ በረኻ ምስ ዘለዋ ኣንስትዮ ጥንጡ ይራኸቡ። እተን ዝተለኽፋ ኣንስትዮ ጣንጡ ዓሶ ከሰጋግራ ኣይክእላን። ዘወልደኦ እንቋቑሖ ኸኣ ስለ ዘይጫጩሕ ካብቲ ከባቢ ጣንጡ እናጸነታ ይኸዳ።

ብተመሳሳሊ ኣገባብ እውን ተባዕትዮ ጣንጡ ዘምክን ኣገባብ ብምጥቃም ብዝሒ ጣንጡ ከም ዝውሕድ ዝገብር ካልእ ኣገባብ ይተኣታቶ ኣሎ። ባህርያዊ ሰረት ጣንጡ ዝቕይይርን ከም ዝጸንታ ዝጉብርን ካልእ ሰረታዊ ምህንድስና እውን ይካየድ ከምዘሎ ይፍለጥ። ንኻልእ ፍጥረታት ዘይጐድእ፡ ኣብ ዕቑር ማይ ዝንጸግ ዝተጫጭሖ ጣንጡ ምንፋር ቅድሚ ምጅማረን ዝቐትል ዓይነት መከላኸሊ እውን ይተኣታቶ ኣሎ። ሓያሎ ካልኦት ዓይነታት ኣገባብ ምክልኻል ፍርያት ጣንጡ እውን ኣብ ሃገራት ኤሲያን ላቲንን ይፍተን ከም ዘሎ ይፍለጥ። ጣንጡ ኣብ ውሽጢ ሃገር እትፈጥሮ ጥዕናዊ ጸገማት ጥራይ ዘይኮነስ ኣውፈርቲ ኪይኣትዉን በጻሕቲ ሃገር ብምስንባድ ቱሪዝም ኪይምዕብልን እተሰዕቦ ኣሉታዊ ተራ ቀሊል ኣይኮነን።




## ንዘመናት ስልጣነታት ዘጨነቐ ዓሶ ይቕጽል

ዓሶ ንኣሽሓት ዓመታት ንህዝቢ ዓለም ከሳቒ ዝጸንሐ ሕማም እኳ እንተኾነ ኣመጻጽኣኡ ብንጹር ኪይተፈልጠ ክሳብ ቀረባ ግዜ ከም ዝጸንሐ ይፍለጥ። ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ 3200 ዓመት ዕድመ ኣብ ዘለዎ ኣስከሬን ግብጻውያን ብሕማም ዓሶ ናይ ምትሓዝ ምልክታት ከም እተረኽቦን ብተመሳሳሊ ኣብ ጥንታዊ ስልጣኔታት ቻይናውያንን ህንዳውያንን ሰቦት በዚ ረስናዊ ሕማም'ዚ ይሳቐዩ ምንባሮም ዘረጋግጹ ናይ ታሪኽ ኣሰራት ከም እተረኽቡን ይፍለጥ።

ካብ ኣፍሪቃ ብፈለግ ኒል ኣቢሉ ናብ ገማግም ሜዲተራንያን ብኡ ኣቢሉ እውን ክሳብ ሰሜን ኤውሮጳ ከም ዝሰገረ ዝጥርጠር ዓሶ፡ ስልጣነ ሮማ ንኽፈርስ ምኽንያታት ካብ ዝኾኑ ሓደ ኪይኮነ ከም ዘይተርፍ ምንጭታት የረድኡ። ኣብ ዕመር ከተማታት ኤውሮጳ ዝፍጠር ረሳሕ ዕቑር ማይ ጣንጡ ዝፋረያሉ ጥጡሕ ቦታ እኳ እንተነበረ፣ ጣንጡ መመሓላለፊት ዓሶ ምዃና ክፍለጥ ኣይተኻእለን ነይሩ። ኣብ ዓመተ 79 ኣብ ከባቢ ከተማ ሮም ካብ ዝነበረ ሻኻታት ዝተፈጥረ ለበዒ ዓሶ፡ ህዝቢ ናታ ከተማ ጉዲፉ ክሃድም ከም ዘገደዶ መዛግብቲ ታሪኽ ይዝክሩ። ጣንጡ ጠንቂ ዓሶ ምዃና ክሳብ ዝተፈልጠሉ ክሳብ ቀረባ ግዜ እቲ ከባቢ ውሑድ ህዝቢ ጥራይ ይነብረሉ ከም ዝነበረ ይፍለጥ። ንኣሽታት ክልተ ሽሕ ዓመት ከኣ ኤውሮጳ ከም ካልእ ክፋል ዓለም ብሕማም ዓሶ ትሳቐ ነይራ እያ።

ኣብ ገማግም ወሓዝቲ ኣፍላጋት መኻብሮ ዝገበሩን ብማሕረስ ዝናበሩ ቻይናውያንን ህንዳውያንን እውን ከምኡ ካብ ለበዒ ዓሶ ዝምልጡሉ ሜላ ኣይነበሮምን። ካብ ደቡብ ክሳብ ሰሜን ዝተዘርገሐ ኣመሪካታት፣ ኣብ ደቡብ ኤሲያ ኣብ ዘሎ ዳህርን ጅቕጅቕን ዝበዝሖ ምድሪ፣ ኣብ መላእ ኣህጉር ኣፍሪቃን ዓሶ ከም ኣውራ ቀታሊ ሕማም ንሓያሎ ዘበናት ጉብለል ኩይኑ ጸኒሑ። ዝሑል ንፋስን ህዱእ ጠባያት ኣየርን ኣብ ዘለዎ በረኽቲ ቦታታት ሕማም ዓሶ ከም ዘየለ ዳርጋ ኣብ ኩሉ ማሕበረሰባት ዓለም ፍሉጥ'ዩ ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ቡብቓንቀኡ ከኣ ማሕበረሰባት ኣናቱ መጸውዒ ይሀብዎ ነይሮም። ዓሶ ምስ ምዕሳው ክተሓሓዝ ስለ ዝኽእል ናብ ማሕረስ ወይ ምስ መጓሰ ናብ ቈላ ዝወርድ ክዕሱ ይኽእል ተባሂሉ ይእመን ነይሩ። ጣንጡ፡ ሕማም ዓሶ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ከም እተሰጋግር ብዘበናዊ ኣገባብ ተጻኒዑ ክሳብ ዝተፈልጠሉ ግዜ፡ ብባህላዊ ሕክምናታት ዓሶ ናይ ምክልኻል ፈተነታት ይካየድ ነይሩ። ክሳብ ከባቢ 1600 ዓመተ ምሕረት።

ኣብ ፔሩ ዝነበሩ ኣባላት ማሕበር ኢየሱሳውያን ዝኾኑ ካቶሊካውያን ፈለስቲ፡ ደቀባት ናይቲ ከባቢ፡ ኑቒጹ ዝተጣሕነ ልሕጺ ገረብ ፈውሲ ዓሶ ከም ዝጥቀሙ ድሕሪ ምዕዛቦም፣ እዚ ኩኒን ካብ ዝተባህለ ገረብ ዝርከብ ጥሑን ልሕጺ ካብኡ ናብ ኤውሮጳን ናብ ኩሉ ዓለምን ተዘርጊሑ ከም ቀንዲ ፈውሲ ዓሶ ንሓያሎ ግዜ ኣገልጊሉ። ኣብ ካልኣይ ውግእ ዓለም ኣብ ጫካታት ደቡብ እስያን ኣብ ኣፍሪቃን ዝጣፍኡ ዝነበሩ ኣብ ክልተ ደምበ ዝተሰለፉ ሰራዊታት፣ ኩኒን ከም መድሃኒት ዓሶ ክማርኹ ከቢድ መስዋእቲ ይኸፍሉ ነይሮም። እቲ 'ኩኒና' ዝብሃል ንዘውሓጥ መድሃኒት እንጥቀመሉ ቃል ንባዕሉ ካብ ኩኒን ዝወጸ ይመስል። ካብዚ መድሃኒት ዝተበገሱ ሓያሎ ዓይነታት መድሃኒት እውን ክስንዑ ጸኒሖም እዮም። ዝማዕበሉ መድሃኒታት እውን ይመሃዙ ኣለዉ። ኩለን ሃገራት ኣፍተን ፖሊሲታት ኣገባብ ምክልኻል ዓሶን ዝተጻነዐ ሽቶን ኣለወን። ካብ ክኢላታት ሕክምና ዝወሃብ ግቡእ ኣገባብ ኣወሳስዳ ብምጥቃም ድማ ዓሶ ከውርዶ ካብ ዝኽእል ሓደጋ ህይወት ምትራፍ ይከኣል።



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12፡00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12፡05 | መደብ ጥበብ |
| 12፡30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12፡50 | ዜና ስፖርት |
| 12፡55 | ተክ ኢንሳይት |
| 13፡30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13፡45 | መደብ ቴራብ |
| 14፡30 | ቀስተ ድሕነት |
| 14፡45 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 15፡10 | ሙዚቃዊ ድራማ |
| 17፡00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17፡15 | ደርፌ |
| 17፡30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17፡45 | መደብ ማእገር |
| 20፡00 | ዜና (ትግረ) |
| 20፡15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21፡00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21፡25 | ዶክመንታሪ |
| 22፡00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22፡10 | ድራማ |
| 22፡30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22፡40 | ፈንቅል |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ እምባደርሆ

ዳዊት ስቡሓት ጉብረ፡ ስም ኣደይ ጸሃይ ተላ መረጸየንምባል ተረፉ፡ጸሃይ ተድላ መረጸየን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ስምኦን ሓየሎ ኪዳኑ ምባል ተረፉ፡ ስምኦን ሓያሉ ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ለተብርሃን ተስፋይ ሃብተስላሴ ምባል ተረፉ፡ ሄለን ተስፋይ ሃብተስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መብራህቶም የውሃንስ ወልደትንሳኤ ምባል ተረፉ፡ ሰረቐ የውሃንስ ወልደትንሳኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፊሽን ንገሰ ጉልበት ምባል ተረፉ፡ ዊንታ ንገሰ ጉልበት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ትርሓስ ኣስገዶም ወልደሚካኤል፡ ስም ኣደይ ቅድስቲ ሃይለ ደበሳይ ምባል ተረፉ፡ ውዳሰ ናይዝጊ ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ኣዝመራ ሰለጠ ጉብረዝጊ፡ ተኸሳሲ ጥዑማይ በርሀ ብሩ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ወ/ሮ ኣስመረት ክፍለ ሃይሉ፡ ሓፍተይ ኣዜብ ኢልያስ ቀላቲ ስለዝሞተት፡ ንሕና 3 ኣሕዋታ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሃይለ ኢልያስ ቀላቲ፡ ኣደይ ኣብርሀት ማሕረይ ተስፉ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ከስተ ጉብረእግዚኣብሄር፡ ወድና ዓብላል ከስተ ጉብረእግዚኣብሄር ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ ወላዲቱ ሳራ ክፍሉ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳሮን የናስ ተስፋማርያም፡ ኣደይ ለተኪዳን ፍስሃጼን ካሕሳይ ስለዝሞተት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ለተኪዳን መንግስትኣብ ትርፌ ምባል ተረፉፍትሓዊት መንግስታኣብ ትርፌ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣልማዝገብረማርያምገብረእግዚኣብሄር፡ ብዓል ቤተይ ግርማይ ወልዳይ ወደቅሸ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መቐርካ

ዘምዝም የሱፍ ባህታ ምባል ተረፉ፡ ዘምዝም የሱፍ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሶፍያ ሰገድ ተላ ምባል ተረፉ፡ ሶፍያ ሰገድ ተድላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መኣዛ ሰገድ ተላ ምባል ተረፉ፡ መኣዛ ሰገድ ተድላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓዳስ ሰገድ ተላ ምባል ተረፉ፡ ሓዳስ ሰገድ ተድላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወይኒ ሰገድ ተላ ምባል ተረፉ፡ ወይኒ ሰገድ ተድላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ከሳሲት ዝያዳ ዘርኢዝጊ ኣብርሃ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዘርኢሰናይ ሓድጉ ሓገሰ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ሓድጉ ተወልደ ጉብረማርያም +1፡ ኣቦና ተወልደ ጉብረማርያም መሸሻን ኣዴና ዛፉ የሕደገ ጉብረዝጊን ስለዝሞተፉ፡ ንሕና ጥራይ ወረስቲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ገለብ

በኺታ ኣደም ሓመድ ዓብደላ ምባል ተረፉ፡ በኺታ ሓምድ እድሪስዓብደላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።




# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ሸሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣድሪስ ሳልሕ ጅዲብ፡ ሓወይ ማሓሙድ ሳልሕ ጅዲብ ስለዝተሰውኡ ኣነ ምስ ኣዴና ፋጥማ ማሐሙድ ማሓመድ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/0426 ኣብ ቤ/ፍ ሸሪዓ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ህድኣት ተወልደ ጉብረመድህን፡ ብዓል ቤተይ ጸጋይ ሰለብ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕ/እ'ኽሊ. ይቕረብ።

ከሳሲ በየሉል ሰለሙን፡ ተኸሳሲ ሰለሙን ዓንደሚርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ን19/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕ/እ'ኽሊ. ይቕረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ጽሃይ ኣረፋይነ በዙበዙ፡ ብዓል ቤተይ ኣስገዶም ተድላ ምሕር ስለዝዐረፈ፡ ብዓል ቤተይ ብዕለት 20/11/2024 ኣብ ቅድሚ ኣርባዕተ ማሰሻኽር ኑታ ብቁ/ሰሌዳ ኣር-1-3940 ብቑጽሪ ቻሲ. JTIEAT 1710001334 ዝተመዝገበ ቶዮታ ዝዓይነታ ናይ ግዘ መኪና ንብረቱ ኣመልኪቱ ሰነዋ JTIEAT1710001334 ዝተመዝገበት ቶዮታ ዝዓይነታ ናይ ግዘ መኪና ንብረቱ ኣመልኪቱ ሰነዋ ስለ ዝፈጸመለይ፡ ወረሲቱ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ፡32 ይቕረብ።

ኣሮን ተወልደ ጸጋይ ምባል ተሪፉ፡ ኣሮን ተወልደብርሃን ጸጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕ/እ'ኽሊ. ይቕረብ።

ወ/ሮ ኮኾብ ተስፋይ ደስታ፡ ብዓል ቤተይ የውሃንስ ኣይነኣለም ዘየ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕ/እ'ኽሊ. ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ያፊት ተማሰገን ኪዳ፣ ተጸዋዕቲ፡1. ወ/ሮ ብስራት ሃይለማርያም ጉበረ፡ 2. ኣቶ ተማሰገን ኪዳ፣ ናይ ምግዚት ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለ ዘሎ፡ ን14/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕ/እ'ኽሊ. ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ኣመልከትቲ 1. ክፍላይ በርሀ ሰገድ 2. ወረ/ፍ ደመት በርሀ ሃብተጽዮን 3. ወረ/ር ሰተሚካኤል ዑቕበ ተኽለ፣ ተጸዋዕቲ ፍ/ ተከኤ ምስዮና ባየራሚካኤል 1. የርዳኖስ ተከኤ ምስዮና 2. ጺጋ ተከኤ ምስዮና 3. የውሃንስ ተከኤ ምስዮና 4. ተወልደ ተከኤ ምስዮና ወረ/ፍ ደመት በርሀ ሃብተጽዮን ውረ/ር ሰተሚካኤል ዑቕበ ተኽለ ተተካኢ. ኣቶ ክፍላይ በርሀ ሰገድ፡ ንጉዳይ ምቅሊት ወርሻ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ መልሲ ሒዝኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕ/እ'ኽሊ. ቅረቡ።

የልያና ኪዳነ ርእሶም፡ ስም ኣደይ ሃና ኪዳነ ምባል ተሪፉ፡ ሃና ከበደ ጊላጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕ/እ'ኽሊ. ይቕረብ።

ርግኣት ሃይለ ወልደጋብር፡ ብዓል ቤተይ ምስየና መሓሪ ያቆብ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ይቕረብ።

ሂሩት ርእሶም ልጃም፡ ብዓል ቤተይ ጉብረሂወት ጸገዘኣብ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሮማን ፍስሃጽ በራኺ፡ ሓፍተይ ኢትዮጵያ ፍስሃጽ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ 5 ተተካእቲ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕ/እ'ኽሊ. ይቕረብ።

ምሉ ጉብረእግዚኣብሄር በየነ፡ ወደይ ሳምሶም ነጋሽ ጉብረመድህን ስለዝዐረፈ፡ ኣነ ወረሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕ/እ'ኽሊ. ይቕረብ።

ብፍ/ሰብ ማሰል ማተዎን ሰዩም፡ ንጉዳይ ፈጸሚ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ መልሲ ሒዙካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕ/እ'ኽሊ. ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ዳንኤል ወልደየውሃንስ ኩሓሱ፡ ወከል ሚኪኤል ጉብረትንሳኤ፡ ወላዲና ኩሉ/ ወልደየውሃንስ ኩሓሰ ወልደገርጊስ ስለዝዐረፈ፤ንወ/ሮ ሳባ ጎይትኦም ዑቕባሚካኤል ናይ መጸምዲ ማሰለ ይተሓለወላ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ዕ/እ'ኽሊ. ይቕረብ።

ኣስቴር ሓድግ ወልደማርያም፡ ኣቦይ ሓድግ ወልደማርያም ወልደሙሴ ስለዝዐረፈ፡ ምስ 9 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ብፍ/በ/ማሰል ማስዑድ ዓብደላ ሳልሕ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኢብራሂም ዓሊ ጣሀር፡ ናይ ፈጸሚ ጉዳይ ስለ ዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ/41 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ እምባ ደርሆ

ኣድሓኑት ሃንስ ሃብቱ ምባል ተሪፉ፡ ኣድሓኑት የሃንስ ሃብቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ማጆር ኣሮን ኣብርሃም ምባል ተሪፉ፡ ሂብል ኣሮን ኣብርሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ደሊና ጉብረሂወት ዛይድ ምባል ተሪፉ፡ ኑቢየት ጉብረሂወት ዛይድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ስምረት ኣልኣዝር ጸጋይ፡ ብዓል ቤተይ ሙሴ ኢያቡ ሚካኤል ስለዝተሰውኡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጀምዕ ፍቕር ኣዛዘ ምባል ተሪፉ፡ ጀምዕ ፍቕር እዛዘ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን04/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ሉተኪዳን ኣልኣዝር ተስፋጊዮርጊስ፡ ስም ኣደይ ሉተንሳኤ ጉብረእግዚኣብሄር ተስፋገርጊስ ምባል ተሪፉ፡ ሉተንሳኤ ጉብረእግዚኣብሄር ተስፋገርጊሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን05/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ክብርቲ ወላዲትና ወ/ሮ ሳራ ገ/ስላሰ ፍረዝጊ፡ ብዓልቲ ቤቱ ንስወእ ሻምበል ኣስገዶም ዓ/ብርሃን፡ ብኣካልን ብተሌፎንን ዘጸናናዕኩምና፣ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና የቐጸልና ንብል።

ምሉኣት ስድራቤት!

ወ/ሮ ሄለን ተስፋይ ጉብረመድህን፡ ዝተፈቐደለን ናይ ማሽጢ. መቀያየሪ ኣቕሑ መኪና ንግዳዊ ትካለን፡ “ፋሚሊ. ማሽጢ. መቀያየሪ ኣቕሑ መኪና” (FAMILY SPARE PARTS) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለ ዝሓተታ፡ እዚ. ናይ ንግዲ. ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ. ሓደ ወርሒ፡ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ. መኣገዲ. የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ኣብ ናይ ንግዲ. ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ. ውሽጣዊ ንግዲ.

ብስም ተስፋልደት ክበርዝጊ. ጉብረወልደ፡ ኣብ ዓዲ/ከበ. ሕምብርቲ ብመወከሲ. ቁጽሪ 000065 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 014311 ፕሎት 37 ፓርሰል K ንመንበሪ መዓላ ዝተዓደለክዎ ምስክር ወረቐት ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሐዚዎ ዝበለ እንተሎ፡ ብቁጽሪ ስልኪ. 07112123 ክሕብረኒ። እንተዘይኮይኑ ግን መተካእታኡ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ተስፋልደት ክበርዝጊ. ጉብረወልደ

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰገነይቲ. ምም/ ከበ. መጠራ ፕሎት 6 ፓርሰል 1 ስፍሓት መሬት 300 ት/ሜ 3 ቀንዲ. ክፍሊ. 2 ተሓጋጋዚ. ክፍሊ. ብቁ/ንብረት 4BRS-EN003805/0 ብስም ወላዲተይ ወ/ሮ ትርሃስ ኣርኣያ ተኽለ ዝተመዝገበ ብህያብ ዝረኸብኩዎ፡ ናብ ስመይ ከሰጋገር ስለ ዝኾንኩ፡ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልቲ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ. መኣገዲ. ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኳይኑ፡ ውሳኔ ሐዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ካዳስትራል ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰገነይቲ. ይቕረብ። እንተዘይኮይኑ፡ ብዘሎ. ኦርጂናል ወረቐት ጉዳየይ ክውድእ ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ሓበን ጉብረማስቀል ብርሃ

## Notice

Notice is hereby given to the public that **Dasna Enterprise Private Limited Company** is formed among the following members:

| 1 | Name | Nationality | Address | Shares |
|---|---|---|---|---|
| | **1. Azieb Gojam Yowhans** | **Eritrean** | **Sweden** | **75** |
| | **2. Tiblets Gojam Yowhans** | **Eritrean** | **UK** | **25** |
| | | | | 100 |

2. The head office of the company shall be in Asmara, Eritrea. The Company may open branch offices whenever and wherever necessary.
3. The company has a share capital of Eritrean NAKFA 200,000.00 (Two hundred thousand Nakfa) divided into 100 (One hundred) registered shares of par value of NAKFA 2,000 (Two thousand Nakfa) each all subscribed and fully paid up by the member's in cash.
4. The business objectives of the company shall be:
   1. Guest House,
   2. Limited Service Eating Place,
   3. Catering,
   4. Hall Rental (for events and shows),
   5. Cultural Music Dancing during meals,
   6. Bar and Restaurant,
   7. Fast Food,
   8. Pizzeria,
   9. Snack bar,
   10. Facilitation services,

**5. Mrs. Azieb Gojam Yowhans** is appointed as a manager for unlimited period of time.

**6.** The company is established for unlimited period of time.

**Dasna Enterprise PLC**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Employees of Bisha Mining Share Company are invited to apply for the Following positions.

**1. Position: Chef**
**Department: Employee Service**
**Section: Village Service**
**Number Required: One (01)**

**Primary Purpose**

A chef is in charge of the kitchen in restaurants or other places where food is served. They watch all activity and food preparation with any staff that would assist in the kitchen. They supervise the preparation of food for its garnishing and presentation, as well as the seasonings for a perfect taste.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Management
- Cooking
- Health and Safety
- Administration

**Knowledge, Experience and Skills**

**Qualifications:**

- Grade 12
- Certificate in Culinary and Food Production / Certificate of Cooking Techniques
- Certificate in Hazard Analysis and Critical Control Points (HACCP); Annual Certification will be an added advantage

Knowledge and Experience:

- 5 – 8 Years experience in Catering Industry
- 02 - Years experience as a senior sous chef or 04 years as sous chef.
- Proven work experience as a Chef or Cook

| Technical Skills | Behavioral Skills |
|---|---|
| • Knowledge of different cooking techniques | • Interpersonal skills, Team player, Communication (English and Local language) |
| • Knowledge of menu planning | • Leadership skill |
| • Knowledge of cultural food / Cater for different nationalities | • Motivation |
| • Knowledge of Health and Safety procedures | • Coach and mentor, Client Service, |
| • Computer Literate (MS Office – Intermediate level) will be an added advantage. | • Flexibility, multi-tasking |

**2. Position: Asheli Camp Supervisor**
**Department: Employee Service**
**Section: Village Service**
**Number Required: One (01)**

**Primary Purpose**

Management of Housekeeping, laundry and catering operations in Asheli.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Management
- Health and Safety
- Administration

**Knowledge, Experience and Skills**

**Qualifications:**

- Diploma in Hotel and Tourism
- Diploma in Management
- Certificate in HTTC/Hospitality Service

**Knowledge and Experience:**

- At least five (5) years of related service-based hospitality, housekeeping, laundry, Catering or camp management experience that includes at least two (2) years of significant overall supervisory responsibilities for a different business operation.
- A valid Driver's License is an added advantage
- Must have intermediate skills operating Microsoft Office applications
- Must be able to make decisions in the moment with little to no supervision.
- Requires speaking, understand, read and write English.
- Must meet and adhere to all safety guidelines and regulations set forth by the company and department.

| Technical Skills | Behavioral Skills |
|---|---|
| ○ Knowledge of different HK and laundry service | ○ Interpersonal skills |
| ○ Knowledge of staff scheduling and planning | ○ Team player |
| ○ Knowledge of catering | ○ Communication (English and Local language) |
| ○ Knowledge of customer service | ○ Leadership skill |
| ○ Knowledge of Health and Safety procedures | ○ Motivation |
| ○ Computer Literate (MS Office – Intermediate level) | ○ Coach and mentor |
| ○ Knowledge of different HK and laundry service | ○ Innovative Thinking, Flexibility, Client Service |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**
- **Candidate must be Physically and Medically fit.**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to.**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276**
**Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to**
**1.Aliens Employment permits Affairs,**
**P. O. Box 7940**
**Asmara, Eritrea.**

**2.Mineral Resources Management**
**P. O. Box 272**
**Asmara, Eritrea**

# ጽልዋ ግሎባውነትን ዲጂታላውነትን ኣብ ዓለመ-ስራሕ

ግርማይ ኣብርሃም (ሃኮሰኤ)

2ይን መወዳእታን ክፋል




መጻኢ ስራሕ ዝብሃል፡ ንብዙሓት ሰራሕተኛታት ካብቲ ዘጥረይዎን ክሰርሑሉ ዝጸንሑን ብፍሉይ ዝመልክዎ ሞያ እናውጽኦም ይኸይድ ኣሎ። ብቑዓት ዝሓትት ስራሕ ኣብ ጸጽባሕ ይቕልቀል ምስ ምህላዉ ልዑል ጠለብ ኣሎ። በንጻሩ፡ ብቑዓት ዘየጥረየ ሰራሕተኛ ኸኣ ካብ ስራሕ ይሰናበት ኣሎ። ደሞዝን ምቍጻር ሰራሕተኛታትን ኣብ መንጎ ክእለት ዘጥረዩን ዘየጥረዩን ፍልልይ እናፈጠረ ይኸይድ ኣሎ። ሰባት፡ ምስ ትካላቶም ኣብ ገሊኡ'ውን ምስ ዝሰርሑሉ ሃገር ዝነበሮም ምትእስሳር እናላሕለሐ ኽኸይድ'ዩ። ኣብ መንጎ ኢንዱስትሪታት ዘሎ ዶባት'ውን ትሑት ንጻረ'ዩ ኽህልዎ።

በዚ ልዕል ኢሉ ዝተጠቕሰ ምኽንያት'ዚ፡ ከምቲ ልዕል ኢሉ ዝተገልጸ፡ ዘይተለምደ ሓድሽ ዓይነት ኣቈጻጽራ ሰራሕተኛታት ብቕልጡፍ ይዓቢ ኣሎ። እዚ ዘይንቡር ኣቈጻጽራ ሰራሕተኛታት'ዚ፡ ስሩዕ ብዘይ ኮነ ሰዓታት ስራሕ፡ ኣብ መንጎ ኣሰራሕን ሰራሕተኛን ዝእቶ፡ ካብ ልሙድ ኣካይዳ ውጽእ ዝበለ ውዕላት ብፍላይ'ኳ ኣብ ጽላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ጐሊሑ ይርአይ ኣሎ።

ዲጂታላዊ ቑጠባ፡ ካብ ድረታ ግዜን ቦታን ሓራ እናኾነ ይኸይድ ኣሎ። ኣብ ኤውሮጳ፡ ሓደ ኻብ ሓሙሽተ ሰራሕተኛታት ካብ ቤቶም ወይ'ውን ካብ ህዝባዊ ቦታታት ብምኳን ይዓዩ ኣለዉ፣ እንተኾነ፡ እቲ ዝወሃብ ናይ 24 ሰዓታት ስራሕ ናይ ሸውዓተ መዓልታት ኣገልግሎታት ደው ኢሉ ማለት ኣይኮነን። መብዛሕትኦም ኣሰራሕቲ፡ ዳርጋ ሕቡኣትን ብወግዓዊ መገዲ ዘይፍለጡን'ዮም። ካብ ድረታ ግዜን ቦታን ሓራ ወጺእካ ምስራሕ፡ ንኽትተዓጻጸፍ፡ ግዜኻ ባዕልኻ ኽትውንኖን ከተመሓድሮን ብኡ መጠን ከኣ ዝያዳ ኣፍራዪ ንኽትከውን፡ ማዕረ ማዕረኡ'ውን ሞባይልካ ኣብ ኢድካ ብምህላዋ፡ ክትራኸብ እንተ ዘይመሪጽካ፡ ርክብ ክትበትኽ መሰል ዘውህብ፡ ኣብ ቦታ ስራሕ ከጓንፍ ካብ ዝኽእል ሓደጋ ናጻ ዝገብር'ኳ እንተ ኾነ፡ ውሕስነት ሰዓታት ስራሕ፡ ዝተሓተ መጠን ደሞዝ፡ በዓላትን ካልእን ዝህብ ኣካል የብሉን። ጻዕቂ ስራሕ ምስኡ ኸኣ ዘይወጽእ ድኻም፡ ውሱን ዘይኮነ ሰዓታት ስራሕ፡ ምምዝባል ሚዛን ስራሕን መዓልታዊ ናብራን፡ ምብሕጓግ ክኽፈል ዝግባኦ ቐረጽ ንመንግስትን ማሕበራዊ ተነጽሎን ካብ ቍጽጽር ወጻኢ እናኾነ ዝኸይድ ዘሎ ኣሰካፊ ተርእዮታት'ዩ። እዚ፡ ነቲ ዝጸንሐ ኣዋጃት ሕጊ ዕዮ መጠኑ ደኣ ይፈላለ'ምበር፡ ይብሕጉን ኣሎ።

ስለዚ፡ እዚ ሓድሽ ዲጂታላዊ ተርእዮታት ምቍጻር ስራሕ፡ ንጹር መስመር ተኸቲሉ ንኽኸይድን ክስዕብን፡ ብኣህጉራዊ ደረጃ ትርጉም ክለብስን ሓባራዊ መረዳእታ ኽፍጠርን የድሊ። ዝተሓተ መጠን ደረጃታት (Minimum standards) ክዝተየሉን ማለትነት ክወሃቦን ኣገዳሲ'ዩ። ማሕበራት ሰራሕተኛታት ከኣ ንኹሉ ዓይነት ሰራሕተኛ፡ ማዕረ ማሕበራዊ መሰል ክጠልባ ይሕተታ። ኣብ ዲጂታላዊ ዕዮታት ብውልቀም ተቘጺሮም ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት፡ ብማሕበራት ሰራሕተኛታት ክውከሉ፡ ንኽውደቡ መሰል ክጣጣሓሎም ኣገዳሲ ምኳኑ ይዝረበሉ ኣሎ። ብሰንኪ ዲጂታላውነት፡ ኣብ መንጎ ኽእለት ዘጥረዩን ዘየጥረዩን፡ ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን፡ ዓበይትን ናእሽቱን ሰራሕተኛታት ዝፍጠር ፍልልይ ክጸብብ ክሰራሓሉ የድሊ። ምስ ኣብ ጸጽባሕ ዝቕልቀል ሓድሽ ቴክኖሎጂ፡ ሰራሕተኛታት ዝያዳ ውሕስነት ምእንቲ ኽረኽቡ፡ ዳግማይ ክመሃሩን ስልጠናታት ክወስዱን መሰል ክወሃቦምን እዚ መሰል'ዚ፡ ኣብ ሓባራዊ ውዕላቶም ክሰፍርን ኣገዳሲ ምኳኑ፡ ክኢላታት ዓውዲ ዕዮ ይገልጹ።

ኣብዚ ዲጂታላዊ ዓለም፡ ሰራሕተኛታት ውልቀ-መሰሎም ክሕለወሎም፡ ሓበሬታኦም ውሕስነቱ ኽረጋገጸሎም ይደልዩ። ነዚ ዘረጋግጻ ኸኣ እተን ሓበሬታ ዝምእርራ ማሕበራት ሰራሕተኛታት'የን። እዘን ማሕበራት'ዚኣተን፡ ነዞም ሰራሕተኛታት፡ ካብ ቀጻሊ ቍጽጽርን ሓለዋን ናጻ ምኳኖም ከረጋግጻሎም ይግባእ'ዩ። እግረመገደን፡ ማሕበራት፡ ነዚ ተፈጢሩ ዘሎ ዲጂታላዊ መድረኻት፡ ሓድሽ ኣገልግሎታታት ብምቕራብ ናብ ረብሓኣን ከውዕላኦ ይኽእላ'የን። ኣብ ቦታ ስራሕ ንዘጓንፍ ምዕዝምዛማትን ዘየድሊ ባህርያትን ከቃልዓኦ የኽእለን። ዝተወደቡ ሰራሕተኛታት ብግዲኦም፡ ጕዳያቶም ከስምዑ፡ ጸገማቶም ብእዋኑ ኽፈትሑ ይኽእሉ።

ዲጂታላውነት፡ ማሕበራት ሰራሕተኛታት፡ ምስ ኣህጉራውያን መሻርኽተን እሂን ምሂን ክበሃሃላ፡ ሓበሬታ ኽለዋወጣን ንሓድሕደን ክደጋገፋን ምሹእ ባይታ ስለ ዝፈጥረለን ናብ ረብሓኣን ከውዕላኦ ይግባእ'ዩ።

ማሕበራት ሰራሕተኛታት መበል 21 ክፍለዘመን እምበኣር፡ ምስ ግሎባውነትን ዲጂታላውነትን ዝኸይድ ሓድሽ ሜላታት ንምትእትታው ዝያዳ ዲናሚክነት ክርእያ ኣለወን፣ እንተኾነ፡ ካብቲ ያታዊ፡ ጽኑዕ መሰረተን ነቒ ክብላ ኸኣ ኣይግባእን። ምስ ግዜ ዘለዋወጥ መልክዓት ዕዮ ብዘይ የገድስ፡ ኣብ መንጎ ሰራሕተኛታት ዘሎ ምሕዝነትን ምድግጋፍን ቀጻልነቱ ከውሕስ ይግባእ፣ ምኽንያቱ፡ ግሎባውነትን ዲጂታላውነትን ጥራይ ዘይኮነ፡ ገዚፍ ቍጽሪ ምምዝባል ሰራሕተኛታት ካብ-ናብ ዝተፈላለየ ኸርናዓት ዓለምን ብፍሉይ ኣብ ምዕቡላት ሃገራት ዝረአ ብዝሒ ዘለዎ ዝሸምገለ ወለዶን ካልእን'ውን ኣብ ግምት ኣትዩ፡ ኵሉመዳያዊ ምርግጋጽ መሰል ሰራሕተኛታት ኣብ ዓለመ-ስራሕ ንኽረጋገጽ ዕቱብ ስራሕ የድሊ፣ እንተኾነ፡ ዝሓሸ መጻኢ ስራሕ ክህሉ እንተ ኾይኑ፡ ማሕበራት፡ ምስ ኣርቀቕትን ወሰንትን ፖሊሲ ዝኾኑ መንግስታውያን ትካላት፡ ኣሰራሕቲ፡ ዝተፈላለዩ ሰብ ሞያን መሻርኽትን ሓቢረን ክዓያ ይግባእ።

ዲጂታላውነት፡ ዋላ'ኳ ብዙሕ ብድሆታት ሒዙ ዝመጽእ ዘሎ ይኹን፡ ዕድላት'ውን ኣይተሳእኖን። ከምኡ ስለ ዝኾነ ኸኣ ማሕበራት ሰራሕተኛታት ነቲ ኣብ ጸጽባሕ ዝቕልቀል ሓድሽ ቴክኖሎጂታት ሃንጐፋይ ኢለን'የን ዝቕበላኦ። ምስኡ ሓቢረን ከኣ ይሰርሓ። እዚ ይኹን'ምበር፡ ማሕበራት ሰራሕተኛታት፡ ከም ማሕበራውያን ሓይልታት፡ እቲ ኣብ 19 ክፍለዘመን'ውን ዝተራእየ፡ ሕሱም ኵነታት ስራሕን ምዝመዛ ሰራሕተኛታትን ክድገም መትከለን ኣየፍቅድን'ዩ። ዝያዳ ነኺሰን ክሰርሓሉ ኸኣ መድረኽ ይጠልበን።

ቴክኖሎጂያዊ ለውጢ፡ ጥቕምን ብድሆታትን ሒዙ ይመጽእ (ኣብ ሳንዱቕ ትኣቱ)

ዘይከሓድ ነገር፡ ሮቦታት ወይ'ውን ዝተኣውተመ ኣገባባት ቦታ ስራሕ፡ ነቲ ሰራሕተኛታት ኣብ ከም ዓበይቲ ኢንዱስትሪታት፡ ዕደናን ሕርሻን ከጓንፎም ዝኽእል ሓደጋታት ተኪእዎ ወይ'ውን ቀኒስዎ'ዩ ኽበሃል ይከኣል'ዩ። ሶፍትዌራት ወይ'ውን ኣልጎሪዝም፡ ኣብ ምትካእ፡ ከም ናይ ሕሳብ ስራሓት፡ ናይ ተሌፎን ማእከላትን ክፍሊታትን ዝኣመሰለ ኣመና ኣሰልካዩ፡ ዝደጋገም ዕማማት ኣዝዩ ጠቓሚ ኽኸውን ይኽእል'ዩ። ዓቕሚ ሰብ ኣብ ዝውሕደካ እዋን'ውን ሓደሽቲ ቴክኖሎጂታት መተካእታ ኾይኑ ይሰርሕ።

እንተኾነ፡ ብሰንኪ ኽቈጻጸርዎ ዘይክእሉ ሰዓታት ስራሕ፡ ብዙሓት ሰባት፡ ኣብ ጸቕጥን ኣእምሮኣዊ ሃስያን ይወድቁ'ዮም። ኣብ ፊት ጸፍሒ ኮምፕዩተር (screen) ነዊሕ እዋን ኮፍ ምጽናሕ'ውን፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ስለ ዘይተዘውትር፡ ናቱ ናይ ገዛእርእሱ ኣሉታዊ ጥዕናዊ ሳዕቤናት ከም ዘለዎ ምግንዛብ ኣገዳሲ'ዩ።

መወከሲታት፤

Future of work – changing labour relations by Jelena Soms

The Impact of Globalization and digitalization on the World of Work By Lisa M.L-A. Goodman

- ዝተፈላለየ መርበባት ሓበሬታ



## ኣስተንትኖ

ቅድሚ ኣብ መበል 40 ዓመት ዕድመኣ ብሕማም ካንሰር ምማታ፡ ውርይቲ ዲዛይነርን ደራሲትን ክሪስዳ ሮድሪገዝ ከምዚ ኢላ ጽሓፈት፤

1. ካብ ዓለም እታ ኣዝያ ዝበረኸት ማኪና ኣብ ጋራጅይ ኣላትኒ። እንተኾነ፡ ሕጂ ኣብ ዊልቸር'የ ዘሎኹ።

2. ኣብ ቤተይ፡ ኵሉ ዓይነት ሕላገት (brand) ዘለዎ ክዳውንቲ፡ ጫማታትን ዘፈር ክዳውንትን ኣሎ። እንተኾነ፡ ኣብ ሆስፒታል ዝተዋህበትኒ ቍራጽ ዓለባ ጥራይ'የ ተኸዲነ ዘሎኹ።

3. ኣብ ባንክ፡ ብዙሕ ዘጠራቐምክዎ ሕሳብ ኣሎኒ። እንተኾነ፡ ሕጂ ዝዓብሰለይ የብሉን።

4. ቤተይ፡ ግምቢ ይመስል ነበረ። ሕጂ ግና ክልተ ዓራት ኣብ ዘለዋ ኽፍሊ ናይ ሓደ ሆስፒታል'የ ደቂሰ ዘሎኹ።

5. ቀደም ካብ ሓደ ሆቴል ናብ ካልእ ሆቴል ክጻፋዕ እውዕል ነይረ። ሕጂ ግና ኣብ ውሽጢ ቐጽሪ ሆስፒታል ካብ ሓደ ክሊኒክ ናብ ካልእ ክሊኒክ ክመላለስ ጸሓይ እዓርበኒ ኣሎ።

6. ንኣማኢት ሰባት ኣብ ኣውቶባዮግራፍያኦም ፈሪመሎም'የ። ኣብዚ እዋን'ዚ ግና ፌርማይ ወረቓቕቲ ሕክምናይ ኰይኑ ኣሎ።

7. ጸጕረይ ንኽሰራሕ፡ ናብ ሸውዓተ ሰራሕቲ ጸጕሪ (ስነ-ጽባቐ ጸጕሪ ርእሲ) እኸይድ ነይረ። ሕጂ ግና ኣብ ርእሰይ ጥር እትብል ጸጕሪ የብለይን።

8. ቅድሚ ሕጂ፡ ብናይ ውልቀይ ነፋሪት ካብን ናብን እመላለስ ነበርኩ። ሕጂ ግና ናብ ኣፍደገ ሆስፒታል ዘብጽሑኒ ኽልተ ተሓጋገዝቲ ጥራይ'ዮም ዘድልዩኒ።

9. ብዙሕ ዝብላዕ'ኳ እንተሎኒ፡ መግበይ፡ ክልተ ከኒና ንመዓልትን ውሑድ ነጠብታ ማይ ጨው ኣብ ምሸትን ጥራይ'ዩ ዘድልየኒ።

10. እቲ ህንጻ፡ እታ ማኪና፡ እታ ነፋሪት፡ እቲ ኣቕሓ፡ እቲ ሕሳብ ባንክ፡ እቲ ሕሉፍ ዝናን ክብርን ዝዓበሰለይ የብሉን። ካብዚ ኹሉ ህድኣት ክፈጥረለይ ዝኽኣለ ነገር ሓደ'ኳ የልቦን። "ብዘይካ ሞት፡ ካልእ ሓቂ የለን።"

ኣብ መወዳእታኡ፡ ብዘይካ ጥዕና፡ ካልእ ኹሉ ከንቱ'ዩ። ጥዕና እንተሎካ፡ በታ ዘላትካ ሕጉስ ንምኳን ተመሃር። ንእሽቶ ቍራስ እንጌራ፡ ማሚቑካ እትድቅሰላ ቦታ እንተላትካ፡ ዝጐድለካ ኸም ዘይብልካ ፍለጥ።

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

ረቡዕ 04 ለካቲት 2026

ጎልደን ፎርክ ካፌ

## ንስኺ መን ኢኺ፧



"ኣነ መን እየ፧" ሓተተት ራህዋ። ሞባይል ሒዘ ብምንባረይ ብንጹር ኣይሰማዕኩዋን። ብተርባጽ፡ ነቲ ኣብ ውሽጣ ከተሰላስሎ ዝጸንሐት ሓሳባት ብዓውታ ደገመት። "ኣነ መን'የ፧"

"ንኣይ ዲኺ፧ ዋላስ ንነብስኺ ኢኺ ትሓትያ ዘለኺ፧" በልኩዋ ግልጽ ኢሉ ብስንባደን ኣግርሞትን።

"ኡፍ እንታይ ማለትኪ'ዩ፧ ንኹሉ ነገር መቾስ ክትፈላሰፍሉ ኣሎኪ። 'ንኣይ ከመይ ዓይነት ሰብ ኢኺ ትሓስብኒ፡' እየ ዝብለኪ ዘለኹ፡" ድንግርግር ከም ዝበላ።

"እዋእ፡ ከምኡ ዘይበልኪ 'ኣነ መን እየ፧' ኢኺ'ኳ ዝበልኪ። መን ምዃንካ ሰብ ክነግረካ ትጽበ እንተ ኴንካ ከኣ ካልእ ርእሱ ዝኸኣለ ሽግር እዩ፡" ኣሕፈሸ ርእይቶ ሰንደኹ።

"ኦ! ንስኺ ድማ ኣብ ርእሲ ዘለኹዎ ተወሳኺ ኣይትኹንኒ። ሓግዝኒ እየ ዝበልኩኺ እምበር፡ መኣስ ኣዳኽምኒ ኢለኪ።"

"ኣዋህልሊ፡ ኣዋህልሊ፡" በልኩዋ እና'ዋህለልኩ።

"ሕራይ እስከ በሊ፡ ከመይ ማለትኪ'ዩ፧" ራህዋ ብዕምቈት ድሕሪ ምስትንፋስ።

"ጽቡቕ፡ ከመይ ዝብል ለባም።"

"በጃኺ ይጽንሓለይ እዚ ምስላኺ ድዩ ብሂልኪ፡" ትርር ኢላ።

"ኣይክእሎን'ምበር ክብሎ ዝሓስብ ብሓንቲ ምስላ ወይ ብሂል ምዓጸኹዎ ግን፡" ኰለፈትኒ።

"መጸጸጽ እሞ ይጽንሓልኪ፣ ቀንዲ መራኸቢና'ኳ ብዛዕባ ናተይን ናይ ሳሚን ጉዳይ'ዩ። እንታይ ከም ዝበለኒ ነጊረኪ ምሽ፡" ሓቃ'ያ ዘየቕስን ጉዳይ'ዩ።

"'እታ መጀመርታ ዘፍቀርኩዋ ጓል ንስኺ ኣይኮንክን፣ ተለዊጥክኒ ኢኺ። ሕጂ መን ምዃንኪ ኣይፈልጥን። ንኣኣ ክትረኽብያ እንተ ዘይኪኢልኪ'ውን መጻኢና ኣይርኣየንን'ዩ ዘሎ፡' እዩ'ኳ ኢሉኒ፣ እንታይ ማለት እዩ'ዚ፧" ብሕቶታት ኣዋጠረትኒ።

"እሞ 'ንኣይ'ውን ምስኣ ኣላልየኒ፣ መን ምዃና ክሓታ፡' ዘይትብልዮ ዝነበርኪ፡" ምሉቕ በለትኒ።

"ላግጺ እዩ ዝርኣየኪ ዘሎ ምሽ ሓቅኺ ንስኺዶ እንታይ ኴንኪ ኢኺ፧ ኣነ'የ ሳሚየይ ክስእን፡" በለት እናሕነቕነቐት። "ኣመና'የ ዝፈትዎ፡" ብምባል ነብሳ ምቁጽጻር ስኢና ክትነብዕ ጀመረት። ክንዲ ናታ ስምዒት ክግደስ ምድንጓየይ ብተግባራተይ ተሸቑሪረ።

"ሕራይ ሕራይ፣ ኣይትሓዝለይ ቍሩብ ከዛንየኪ እምበር ከኹርየኪ ኢለ ኣይኮንኩን፡" በልኩ ክትጸናንዓለይ እናደለኹ። "እንታይ ብዛዕባኡ ክንዲ'ዚ፧ ካብ ትፋለጡ ክንደይ ኰይኑ ኣሎ፧" ሓተትኩ ዘረባ ከጠፋፍእ ብምሕሳብ።

"ካብ ሓምሻይ ክፍሊ ወዲ ሰፈረይ ምስ ኰነ ኣትሒዝና ኢና እንፋለጥ።"

"እሞ ነታ ናይ ሽዑኡ ቈልዓ ከለኺ ዝነበረኪ መንነት ድዩ 'ኣጥፊእክዮ፡' ዝብለኪ ዘሎ፡" ብምድናቕ ኣስተንከርኩ።

"ንሱ ዝብል ደኣ ግዜ ከሊእክኒ፡ ውሽጥኺ ኣነ ጥራሕ ዝብሕቶ ዝነበርኩ ካልእ ብሒቱዎ፣ በቃ ካልእ ሰብ ኴንክኒ፡" መለሰትለይ።

"ራህዊተይ ካብ መባእታ ክሳብ ኰለጅ ዘሎ ግዜ ሕሰብዮ'ሞ! ዝሓለፍናዮ ኵሉ ክጸልወና እንተ ዘይክኢሉ፡ በቃ እምኒ ኢና። እምኒ'ኳ ብማይን ጸሓይን ምስ ግዜ ዝልወጥ። ናይ ስራሕ ዓለም ጽልዋ ከይጸብጸብኩ እየ። ኣብ ዑደት ግዜ እንረኽቦ መድረኻት እዚኦም በረኽቲ'ዮም እሞ መን ክሓኹሮ ኢልና ተጠዊና ኣይንሓልፍን ኢና። ክንድይቦ ከለና እናተመሃርና ኢና እንጉዓዝ። ከም ኵሉ ሰብ፡ ከም ካይላ ተሰሪሕኪ ተመሊስኪ ናብ ሓመድ ትቕየሪ ኣይኮንክን። ጉዕዞኺ ዘይሰበር ሓወልቲ'ዩ። ሕጂ ራኢኹም ንቕድሚት ገይርኩም ብሓደ እናዓበኹም ክትስጉሙ እንተ ዘይክኢልኩም፡ ንድሕሪት እናጠመትካ ዝጉዓዝ መገዲ ህይወት የለን። ብዓቢኡ ከኣ ውሽጣዊ መንነትኪ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ኣውዲቕኪ ምንባር፡ ሰላምክን ሰላም ኣብ ከባቢኺ ዘለዉ ኵሎምን ምዝራግ ማለት'ዩ፡" በለልኩዋ።

"ዋጋ ዕዳጋ፧ እንታይ ማለትኪ እዩ፧" ሓተተትኒ ፍኹስ ኢላ።

"ሓደ ሰብ ምስ ርእሱን ከባቢኡን ጽኑዕን ነባርን ሕብረት ክምስርት ዝኽእል ጽኑዕ ውሽጣዊ መንነት ምስ ሓዘ እዩ። እቲ ሕቶ ድማ 'ኣነ መን እየ፡' ኢልኪ መልሲ ምጽባይ ዘይኮነ፡ ኪኖ ከባቢኺ መልሲ ደልዩ ንውሽጥኺ ዝሓተኪ ብምልኣት ንኽትምልስሉ፡ መን ኢኺ ንስኺ፧ መልሲ እታ ቀዳመይቲ ሕቶኺ ኣባኺ'ያ ዘላ መሓዝቺ።"

ፍረወይኒ ዘርኡ - ኣስመራ

## ኮሪዐ

30 ሕዳር 2025

ኣንጻር ፍቕሪ ክገጥም ከም ዘይብለይ ፈጣሪ ገኒሑ ምዒዱኒ'ዩ። ኣብ እወታዊ ሓሳብ ኣዕቍቡ፡ ምንባረይ ከጾብቕ ከም ዘሎኒ ግዜ እዩ ምሂሩኒ። ረዚን ሓሳብ ኣሰላሲልካ ምስ ትጉዓዝ ከም ትረዝንን ክብረትካ ከም ዝብርኽን ህይወት ዝመሃረትኒ ሓቂ'ዩ። ኣብ ዓንኬል ህውተታ እናነበርኩ ምንባረይ ብባዶ ከርብሖ ከም ዘይብለይ'ውን ተሰዊጡኒ። ናይ ትማሊ ጸሓይ ንናይ ሎሚ ጨፈቓ ከም ዘየንቅጾ ምስ ፈለጥኩ፡ ናይ ትማሊ ጸሓይ ደሚቓ ክትበርሃለይ ምምናይ ናይ ኮንቱነት ኮንቱ ምዃኑ ተገንዚበ እየ። ነዛ ናይ ሎሚ ብርሃን ብኸመይ ከም ዝጥቀመላን ብኸመይ ድምርማር ናይዘን ሕጂ ዝነብረን ዘለኹ ጽቡቓት መዓልታት ሓደ ዓቢ ነገር እኸስብ እየ ዝሓስብ። ሽሕ'ኳ ሕሉፍ ፍጻመታት ዘይሃስስ በሰላ ይግደፈለይ፡ ተራር፡ ቈራጽ፡ ብትብዓት እትጓዓዝ ሓያል ሄዋን ኰይነ እየ። እዚ ንክኸውን ዝገበረ ግዜ እዩ። ሓይሊ ግዜ ተፈቲነ ምስ ሓለፍኩ እየ ፈሊጠዮ። ብዓቢኡ ከኣ ንሓደና ጸብለል ንሓደና ከኣ ጸምበለል ኣቢሉ ምስ ሰፈረ።

ኣርሞር (ሳግራ)

## መገሻ ምስ ትጽቢታት

ዓርቢ - 10 ጥቅምቲ 2025

ቅድሚ ሽዱሽተ ወርሒ ምስ ጉጅለና ንባጽዕ ናይ ምኻድ መደብ ሓዝና። እዚ ሓሳብ ቈይሙ እንከሎ ኣዕሩኽተይ'ውን፡ "ቍሩብ ንፋስ ቀይርና ክንመጽእ መዲብና ኣለና። ነዚ ቀጨው ጨውካ ከኣ ቀቢርካዮ ትመጽእ፡" ዝብል ሓሳባት ወስ ኣበሉለይ። "ንፋስ መታሕትዶ ንፋስ ባሕሪ፧" በልኩዎም ንኽላገጽ ኢለ።

"እንተ ዘከኣልስ ንኽልተኡ ኣይምገደፍናን፣ ግን ብድድ ኢልካ እትኸዶ ይሓይሽ፡" በሉኒ። ኣንፈት መልሶም ቀብ ኣቢለዮ፣ መደብ ናይ ጉጅልና እናተዘከረኒ። ካብ ናይ ስራሕ ወጻኢ ብናይ ውልቀይ ካብ ዘይገይሽ ነዊሕ'የ ገይረ። ብፍላይ ኣብ እዋን ክራማት ናብ ርባ ምውራድ፡ ውሕጅ ክውሕዝ እንከሎ ምርኣይ፡ ኣብ ልሙዕ ቦታ ግዜ ምውሳድ፡ ካብቲ ብዙሕ ባህታ ዝፈጥረለይ'ዩ። ምስ ባሕሪ ዘሎኒ ዝምድና ግን ዕሙቕ ዝበለ ኣይኮነን።

ብቐንያቱ ካብ ገዛ ከይወጻእኩ'የ ቀንየ። ኣዕሩኽተይ ኣብ ከምዚ ስምዒት ክህሉ እንከለኹ፡ ዝይዳ ሻሂ ክንሰቲ፡ ከነዕልል ይዕድሙኒ። ኣነ ከኣ ብልምዲ፡ "መጺኣን ኣለዋ እተን ዘየውጸኣ፡" ክብሎም እንከለኹ፡ ቀልጢፎም'ዮም ዝርድኡለይ። ደሓር ግን ሕስብ እንኩብል፡ "ንፋስ ኣይኮነን ዝቐየር ዘሎዎ፣ ኣነ'የ ስምዒታተይ ክኣብብድ ዘሎኒ፡" ብምባል ካብዚ መሰልቸ ስምዒታት ከውጽኡኒ'ዮም ዝበልኩዎም ንጥፈታት ክፍትን ጀሚረ። ምሸት ምሸት ምስ ኮኾብ ምዕላልን ሓሳባት ምምልላእን ብዘይ ተረድኣኒ ንወኒ ምስልቻወይ ሽለው ኣቢላ ኣጽዲፋትለይ'ያ። ናብታ ክነብራ ዝደሊ ስምዒት መጋረጃ ቀዲደ ተመለስኩ። ኣብ ጽቡቕ ሃዋህው እንከለኹ ከኣ ንፋስ ዘቕይር መገሻ ብስራሕ መጽአ።

ናይ ስራሕ መደብ ከኣ ዝበዝሐ ናብተን በጺሐየን ዘይፈልጥ ከተማታት ብምንባሩ ካብቲ ንኽብገስ ህንጡይነተይ ሰማይ ዘዕረገ'ዩ። ምስ መጋይሽተይ ንሒዝናዮ እንኸይድ ትሕዝቶ ብምዝታይ ቀልጢፍና ወደእናዮ። ናይ ግዜ ምክፍፋል ምስቲ ራሕቂ ቦታታት ግምት ብምውሳድ መቓን ግዜና ኣቀመጥና። መጋይሽተይ፡ ንዝነበራ ናይ ዕለተ ልደታ ጽንብል ከተርክበሉ እትኽእለሉ መገዲ ሃሰው በለት። ዘይከውን ኰይኑዋ'ምበር ጎቦ ልባ ኩይና ንጉላጉልን ጎቦታትን ዘሰግር ትዕግስቲ ኣይነበራን። ንሕና ግን ኣብታ ዘበጻሕናያ ቦታ፡ ዕለታ ተርኪባ በቲ ነቲ ቦታ ዝውክል ከም እነኽብረላ ቃል ኣተናላ። ካብ ኣዒንታ ኣፍጢጣ ምጥማት ኣፋ ኣይከፈተትን ጓል ሳሚኤል። ከይተበገስና እንከለና፡ ብኸመይ ነኽብረላ ንኽእል ክስእል ቀዲመ ብሓሳባት ገሸኩ። በራሪ ሓሳባተይ ከየዕለበ በዓል ጎልጆ፡ ተሰነይ፡ ባረንቱ፡ ሻንቢቆ፡ ሞልቆ፡ ማይ ድማን ዓዲ ጉሮቶን ኩለል ኣበለኒ። ብፍላይ ኣብ መንጎ ሻንቢቆን ሞልቁን ኣብ ትሕቲ ጽላል ገረብ ሓንሰን ጭጎኖን ኣጽሊልና ኩብዕለላ፣ ኣብ ገለኡ ብዓካት፡ ኣብ ገለኡ ብርግኣን ጸባን፡ ኣብ ገለኡ ከኣ ምስ ኣብ ደንበኣን ፊዕ ዝብላ መልክዕ ገደና ዝኾና ማሓስእ፡ ዕያውቲ፡ ምራኹት፣ ምስ ናቋ ኣርሓ ደርሆን ጩቕጩቕታ ጨቓዊትን ምስ ክንክን ኣንሰይቲ ደርሆን፣ ክዳና ከኣ ኣብ ገለኡ ልውየት ምስ ኣደሬ ሮጾ፡ ወይ ኣብ በዓል ቢንቢና ንብሄረ ኩናማ ዘንጸባርቕ ነገራት ገይርካ እትጽንብለላ ዕለተ ልደት ኣብ ርእሰይ ሰኣልኩዋ። እዛ ሓሳበይ፡ ንኣይ እምብዛ ደስ በለትኒ። መጋይሽተይ፡ ካብ ኣስመራ ወጺኣ ኣይትፈልጥን'ያ፣ እንትርፎ ናብ ሳዋ። ንኣኣ ዝሓሰብኩዎ ቅድሚ ምንጋረይ፡ "ቅድሚ ዕለተ ልደትኪ እንተ ተመሊስና፡ ኣበይ ኢኺ ክትጽንብልዮ ሓሲብኪ ዘለኺ፧" በልኩዋ። ንኽትሓስብ ግዜ ኣይወሰደትን።

"መሓዙተይ ኣብ ኣድማስ'ዮም ዝብሉ ዘለው፣ ኣነ ግን ኣብ 'ላዮን' እንተ ትኸውን ዝያዳ ምስ ተሓጒሰኩ፡" በለትኒ ብጸይተይ። ብልበይ ነቲ ዝሓሰብኩዎ ምንጋር ማለት እዛ መገሻ ተኹራሪኻ ምዝዛማ ኩይኑ ስለ ዝተሰምዓኒ ነዛ ሓሳበይ እናተሓጒስኩላ ከይነግራ ወሰንኩ።

"እንታይ ኢኻ ተምጽኣለይ፧"

"ህያብ ድዩ ዝኸውን ዘሎ፧" እናፈለጥኩ ከም ዘይፈለጥኩ ንሕቶኣ ብሕቶ መለስኩላ።

"ህኡ፡" በለትኒ። ኣብ ቦርሳይ ዝነበረት ሓዳስ ርሳስ ሃብኩዋ።

"ክንዲ ብዙሕ ኣይትርኣይዮ፡" ኣብ ህያባት ምልውዋጥ ንፋዕ ከም ዘይኮንኩ ዝተነገረኒ ኣጋጣሚ እናዘከርኩ። ኣብ ገጻ ዝርኣኹዎ ስምዒታት ንኸንብቦ ቀሊል ነበረ። ምኽንያቱ፡ እዛ ርሳስ ብዙሕ ሕቶታት ክትፈጥረላ ከም እትኽእል ኣቐዲመ ተረዲኡኒ'ዩ።

"እንታይ'ያ እዚኣ፧ ኣብ ቦርሳኻ ብምጽናሓ ጥራይ ዲኻ ሂብካኒ፧ ኣነ ተመሃሪት መባእታ መሲለካ፣ ወይ ከኣ ሰኣሊት፧" ጢል ጢል እናኣበለታ ነታ ርሳስ። ዳየረይ፡ ብዛዕባ ምልውዋጥ ህያባት ብዙሕ ክብላ እኽእል ነይረ'የ። ንምንታይ ርሳስ ሂበያ፧ ኣብዛ ሰዓት እንተ ዝነግራ'ውን መልሰይ ከም ምኽኒት'ያ ክትሓስቦ። ሓሳበይ ድሕሪ መገሻ ክነግራ ወሰንኩ።

ዓዋተ - 25

ብድሆ/ኩ/ሓ/ህንጸት

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ቻይና፡ ንመግለጺ ጃፓንን ሕ/ኤውሮጳን ኮኒናቶ

ጃፓንን ሕብረት ኤውሮጳን ዝሓለፈ ሰሉይ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ብዛዕባ ባሕሪ ደቡብ ቻይና ኣመልኪተን ንዘሰምዕኦ መግለጺ ድሕሪ ምኹናን፡ ጃፓን ኣብ መጻብቦ ታይዋን ምትኹታኹ ዝመልኦ ተግባር ተካይድ ከም ዘላ ቻይና ከሲሳ።

ብዘይካ'ዚ፡ ጃፓን ኣብ'ቲ ከባቢ ወተሃደራዊ ምስፍሕፋሕ ንምኽያድ መደብ ከም ዘለዋ፡ ቻይና ወቒሳ።

ምክትል ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ጃፓን ኢያኖ ኩኒሚትሱ ኣብ'ቲ ኣኼባ ኣብ ዘቕረቦ መግለጺ፡ ቶኪዮ ብጉዳይ ኩነታት ምብራቕ ቻይናን ባሕሪ ደቡብ ቻይናን ኣዝያ ከም ዝተሻቐለት ድሕሪ ምምልካት፡ ጃፓን ኑቲ ዝጸንሐ ኩነታት ብሓይሊ ንምቕያር ዝግበር ዝኾነ ይኹን ፈተነ ከም እትቃወሞ ኣረዲኡ።




ልኡኽ ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ስታቭሮስ ላምብሪኒዲስ እውን ንጉዳይ ወጥሪ ባሕሪ ደቡብ ቻይና ብምልዓል፡ "እዚ ወጥሪ እዚ ንሓደ ወሳኒ መስመር መራኸቢ ዝፀንቅፍን ኑቲ ኣብ ሕግታት ዝተመርኮሰ ኣህጉራዊ ስርዓት ዝፈታተን እዩ" ኢሉ።

ምክትል ኣምባሳደር ቻይና ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ሱን ሌይ ብወገኑ፡ ኑቲ ብጃፓንን ሕብረት ኤውሮጳን ዝቐረበ መግለጺ "ዘይምኽንያታዊ" ክብል ድሕሪ ምንጻግ፡ "ብፍላይ ወከል ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ጉዳይ ባሕሪ ደቡብ ቻይና ጭቡጢ ዘይብሉን ዘይሓላፍነታውን መግለጺታት ካብ ምሃብ ክቑጠብ ኣለዎ" ክብል ኣተሓሳሰበ።


ንሱ ወሲኹ፡ "ኩነታት ባሕሪ ምብራቕን ደቡብን ቻይና ብሓፈሻኡ ርጉእ እዩ ዘሎ። ባሕሪ ደቡብ ቻይና ድማ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ዓለምና ናጻ ዝኾኑ መስመራት መራኸቢ ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ" ኢሉ።

ሱን ሌይ ኣብ መወዳእታ፡ እቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብቀዳመይቲ ሚኒስተር ጃፓን ሳናይ ታካይቺ ብዛዕባ ታይዋን ዝተዋህበ "ጌጋ" ዝበሎ መግለጺ፡ ኣብ ዝምድና ቻይናን ጃፓንን ከቢድ ሃስያ ከም ዘውረደ ሓቢሩ።

## ትራምፕ፡ ብእማመ ሰላም ኢራን ኣይተሓጎሰን ተባሂሉ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ በቲ ንኽልተ ኣዋርሕ ዝቐጸለ ኩናት ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኢራን ንኽብቅዕ ዝሕግዝ ብመንግስቲ ኢራን ዝቐረበ ዳሕረዋይ እማመ ሰላም ዕጉብ ከም ዘይኮነ ተሓቢሩ።

እዚ እማመ ሰላም፡ መጻብቦ ሆርሙዝ ዳግማይ ክኽፈት'ን፡ ዕጽዋ ሓይሊ ባሕሪ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ወደባት ኢራን ከብቅዕን ዝጽውዕ ኮይኑ፡ ኣብ ኑክለሳዊ መደባት ኢራን ኣመልኪቱ ዝግበር ዘርርብ ከኣ ኣብ ዝቕጽል ርክባት ክልቲአን ሃገራት ክሰላሰል ዝጠልብ ምዃኑ፡ ማዕከናት ዜና ኣመሪካ ንሓያሎ ሰበ ስልጣን ዋይት ሃውስ ብምጥቃስ ጸብጺበን።



ትራምፕ ዝሓለፈ ሰሉይ ብዛዕባ እማመ ኢራን ምስ ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ሃገራዊ ድሕነት ሃገሩ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ከም ዝተዘራረበሉ፡ ጸብጻባት ሓቢሮም።

ሓደ ካብ'ቶም ኣብቲ ኣኼባ ዝተሳተፉ ሰበ ስልጣን፡ ትራምፕ ኑቲ ኣብ ዝሓለፈ ሒደት መዓልታት ኢራን ዘቕረበቶ እማመ ክቕበሎ ተኽእሎ ከም ዘየለ ከም ዝገለጹ ቴለቪዥን ሲኤንኤን ኣመልኪታ።

ብዘይካ'ዚ፡ ሓደ ብዓል ስልጣን ኣመሪካ ንጋዜጣ ኒውዮርክ ታይምስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ትራምፕ፡ ኢራን ኑክለሳዊ ኣጽዋር ክትውንን ፈጺሙ ከም ዘየፍቅድ ብተደጋጋሚ ይገልጽ ብምህላው፡ ኑቲ እማመ ምቕባል ማለት፡ ኑቲ ዝተመጽኦ ዓወት ዝኸልእ ማለት ምዃኑ ገሊጹ።

ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ማርኮ ሩብዮ ዝሓለፈ ሰሉይ ምስ ማዕከን ዜና ፎክስ ኒውስ ኣብ ዝገበሮ ቃለ መሕትት፡ "ኢራን ኣቕሪቦቶ ዘላ ሓድሽ እማመ፡ ካብ'ቲ ከቕርብዎ እዮም ኢልና ዝሓሰብናዮ ዝሓሸ" ክብል እኳ እንተ ተዛረበ፡ ብዘየኮነ ይኹን ስምምዕ ግን ኢራን ኑክለሳዊ ኣጽዋር ካብ ምምዕባል ክትክልከል ከም ዘለዋ ኣስሚሩሉ።

## ናይጀርያ - ብዕጡቓት 29 ሰባት ተቐቲሎም

ኣብ ናይጀርያ - ክፍለ ሃገር ኣዳማዋ ኣብ እትርከብ ቑሸት ጉያኩ፡ ዕጡቓት ብዝፈጸምዎ መጥቃዕቲ ብውሑዱ 29 ሰባት ከም ዝተቐትሉ ተሓቢሩ።

በቲ ንሓያሎ ሰዓታት ዝቐጸለ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ንብረት እውን ዕንወት ከም ዝወረደ፡ ሰበ ስልጣን ናይ'ታ ክፍለ ሃገር ገሊጾም።

ምስ ሽበራዊ ጉጅለ ዳዒሽ ምትእስሳር ዘለዎ ሓደ ዞባዊ ዕጡቕ ጉጅለ ሓላፍነት ናይ'ቲ መጥቃዕቲ ከም ዝወሰደ፡ ኣብ ቴሌግራም ኣብ ዝዘርገሖ ሓበሬታ ምግላጹ ጸብጻባት ኣመልኪቶም።

ኣብ ናይጀርያ ብዳዕሽ ዝድገፉ ክልተ ዓበይቲ ዕጡቓት ጉጅለታት ከም ዘለዉ ዝፍለጥ እኳ እንተኾኑ፡ እዚ ናይ ሕጂ መጥቃዕቲ ግን ኣየናይ ጉጅለ ከም ዝፈጸሞ ቀልጢፉ ክፍለጥ ከም ዘይከኣለ'ዩ ዝሕበር።

እዚ ኣብ ጓያኩ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ ዕጡቓት ኣብ ሰሜናዊ ማእከላይ ናይጀርያ ኣብ ዝርከብ መዕቀቢ ዘኽታማት 23 ህጻናት ኣብ ዝጨወዩሉ መዓልቲ እዩ ኣጋጢሙ። ካብ'ቶም ዝተጨወዩ ድሒሮም 15 ክድሕኑ እንከለዉ፡ ኑቶም ዝተረፉ ሸሞንተ ብውሑስ መንገዲ ንምምላስን ገበነኛታት ንምሓዝን ድማ፡ ሓይልታት ጸጥታ መንግስቲ ጸዑቕ ስርሒታት የካይዱ ምህላዎም ተገሊጹ።



ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕን ካልኦት ዓቃባውያን ኣመሪካውያንን፡ ሰበ ስልጣን ናይጀርያ፡ ብጦኮ ሓራምን ካልኦት ዕጡቓት ጉጅለታትን ኣብ ዝፍጸም መጥቃዕቲ፡ ንናይጀርያውያን ኣመንቲ ክርስትና ክከላኸሉ ከም ዘይከኣሉ እዮም ክኸሱ ጸኒሖም።

ሓይልታት ኣመሪካ ኣብ ዝሓለፈ ታሕሳስ ኣብ ልዕሊ ምስ ዳዕሽ ምትእስሳር ዘለዎም ዕጡቓት ጉጅለታት ናይጀርያ መጥቃዕቲ ኣየር ከም ዝጀመሩን፡ ኣብ ዝሓለፈ ለካቲት ድማ 100 ወተሃደራት ናብ ሰሜናዊ ክፋል ናይ'ታ ሃገር ብምውፋር ንሓይልታት መንግስቲ ከም ዘሰልጠኑን ይግለጽ።

## ኖርወይን ዩክሬንን፡ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ንምምዕባል ተሰማሚዐን

ዩክሬን እተማዕብለን ዘላ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ፡ ምስ ኖርወይ ሓቢራ ኣብ መሬት ኖርወይ ንምምዕባል ዘኽእል ስምምዕ ከም ዝኸተመት፡ መንግስቲ ኖርወይ ኣፍሊጡ።

እቲ ስምምዕ ብኣምባሳደር ኖርወይ ኣብ ዩክሬን ላርስ ራግናር ኣሉሩድ ሃንሰንን ምክትል ሚኒስተር ምክልኻል ዩክሬን ሰርጌይ ቦዩቭን ኣብ ከተማ ኪየቭ ከም ዝተኸተመ፡ እቲ ካብ ሚኒስትሪ ምክልኻል ኖርወይ ዝወጸ መግለጺ ኣረዲኡ።

ዩክሬን ንሚኒስትሪ ምክልኻል ኖርወይ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ቅድሚ ክረምቲ ምእታው፡ ብኖርወይ ዝፈረዩ ናይ መጀመርታ ስርዓታት መከላኸሊ ኣየር ክትረክቦ ትጽቢት ከም ዘለዋ፡ እቲ መግለጺ ኣመልኪቱ።



ሚኒስተር ምክልኻል ኖርወይ ቶረ ኦ ሳንድቪክ ብወገኑ፡ እቲ ስምምዕ ምትሕብባር ኖርወይን ዩክሬንን ኣብ ወተሃደራዊ ምክልኻል ናብ ኣገዳስን ጭቡጥን ስጉምቲ የምርሕ ከም ዘሎ ዘመልክት ምዃኑ ኣብሪሁ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ገዛ ኸኒሻ | 29/4/26 | ጎደና ክሳድ ጉዋ195 ከባቢ 2ይ ደረጃ ቤ/ት ይሳቕ ተወልደመድህን | 08202877 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services